ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ትግራይ ካብ ሓምለ 01/2015 ዓ/ም ክሳብ 30/10/2016 ዓ/ም ናይ ሓደ በጀት ዓመት ሒሳብ ምንቕስቓስ ብደገ ኦዲተር ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 14, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 19, 2017 03:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 19, 2017 03:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ኦዲት ተዛማድኡን/

ፕሮፎርማ ምልክታ ስራሕቲ ኦዲት

ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ትግራይ ካብ ሓምለ 01/2015 ዓ/ም ክሳብ 30/10/2016 ዓ/ም ናይ ሓደ በጀት ዓመት ሒሳብ ምንቕስቓስ ብደገ ኦዲተር ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓን ክትትልን ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይ እትርከቡ ዝተፈቐደልኩም ውልቀ ኦዲተራትን ኦዲት ትካላትን ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለኩም ክትሳተፉ ይዕድም።

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግባእ ረቋሒ

1. ንቤት ዕዮና /ትካልና/ ኦዲት ንምክያድ ዘክእል ብርኪ ሓደ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ሞያ ዘለዎም

2. ናይ 2016 ዓ/ም ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቅዓትን ሞያን ከቕርብ ዝኽእል

3. ዝተሓደሰ ንግድ ፍቓድ፣ ቲን ናምበርን ንግድ ምዝገባ ተወሳኺ እሴት ታክስ /ቫት/ ኮፒ ከተሓሕዝ ኣለዎ

4. ኦዲት ዝግበር ሒሳብ ኣብ ቢሮ ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ትግራይ መቐለ ከተማ ከባቢ መስፍን ኢንዳስትሪያል ኢንጅነሪንግ ምኳኑ ፈሊጡ ዝሳተፍ

5. ኣብቲ ሰነድ ፕሮፎርማ ተሳተፍቲ ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ማሕተምን ፊርማን ክዓርፎ ኣለዎ

6. ተጫረቲ ምስዚ ሓባሪ ተተሓሒዙ ዝርከብ ዝርዝር ናይ ኦዲት ስራሕቲ ኣንቢብኩም ዋጋ ክትመልኡ ኣለኩም።

7. ፕሮፎርማ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ ዕለት 14/2/17 -19/2/17 ሰዓት 3:00

8. ፕሮፎርማ ዝኽፈተሉ ዕለት 19/2/17 3:30

9. ሰዓራይ ዝኾነ ናይቲ ዝሰዓሮ 10% ኣትሒዙ ውዕሊ ስምምዕነት ክፍፅም ዝኽእል 10.ተጫረቲ ኣብቲ ዘቕረብዎ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ክህልው የብሌን እንተሃልዩ ድማ ዝተኣረመ ምኳኑ ብፊርማ ክረጋገፅ ኣለዎ

11. ዋጋ መወዳደሪ እንትመልእ ቫት ዝሓወሰ ክኾውን ይግባእ ፣ ቫት ዘይሓወሰ ምዃኑ ከይገለፀ እንተኣቕሪቡ ምስቫት ዝሓውስ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ተገይሩ ዝውሰድ ምኺኑ ክፈልጥ ኣለዎ።

12. ኦዲት ፀብፃብን ካልኦትን መረዳእታትን ብዝርዝር ንኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ትግራይ ከቕርብ ኣለዎ

13. ብኪኢላታት ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ዝወሃብ ሞያዊ ድጋፍን ተቐቢሉ ተግባራዊ ዝገብር፣ ዘይምጥዕዓም እንተጋጥም ድማ በብብርኩ ካብ መራሒ ኣ/ከ/ስ/ምብቃዕ መፅናዕትን ድጋፍን ኦዲት ክሳብ ዋና ኦዲተር ቅሬትኡ ብምቕራብ ይፍታሕ።

14. ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቑፅሪ ስልኪ 0342401921 ብምድዋል ወይድማ ዕዳጋ ቐዳም ኣብዝርከብ ቢሮና ብኣካል ብምምፃእ ምጥያቕ ወይ ፕሮፎርማ ምውሳድ ይከኣል።

15. ትካልና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle